ስመር። ሕጊ ኣኽብር። ብናጽነት ንበር። ግዝኣተ-ሕጊ ኣብ ጀርመን እምበኣር ከምዚ እዩ።
ምእታው ናብ ጀርመን። ኩላትና ብሓባር ብናጽነትን ብፍጹም ውሕስነትን መታን ክንነብርሲ፡ ንምክእኣልን ንምክብባርን ዕዙዝ ቦታ እትህብ ሃገር። ማራኺት ሃገር፡ ምኽንያቱ ኽብሪ ነፍስወከፍ ሰብ ስለ ዚኽበር። እዚ ድማ ሽምኡ ኢሉ ኪቕጽል እዩ። በዚ ምኽንያት እዩ እምበኣር፡ ኣብ ቅዋምን ሕግታት ጀርመንን እተነጸሩ መሰረታውያን ክብርታትን ሕግታትን ኪኽበሩ ዘለዎም።

እዚ ኣብ ዕለታዊ ህይወት ጀርመን እንታይ ማለት እዩ?

ናብ ጀርመን ካብ እትኣቱ ኣትሒዝካ፡ መኮንናት ፖሊስ፡ ደቀንስትዮ ዶክተራት ወይ ደቀንስትዮ ደያኑ ምናልባት ረኺብካ ትኸውን ? እዚ ኣብ ጀርመን ኣዝዩ ንቡር እዩ። ደቀንስትዮን ደቂ-ተባዕትዮን ኣብ ስራሕን ኣብ ህይወት ስድራን ብማዕረ ይዋስኡ። ብኻልእ ኣዘራርባ፡- ነፍስወከፍ ሰብ ሓደ ዓይነት ክብርን ኣፍልጦን ይጐናጸፍ።

ጀርመን ሃገር ናጽነታት እያ። ንሕግታት ክሳብ ዘይተጻረረ ብዝስዕብ መገዲ ክገልጽ ይክእል ፡ ብናጽነት፡ ጽልእን ጐነጽን ክሳብ ዘይቀስቀሰ፡ ንኣብነት ወይ ንሰባት ክሳብ ዘይዓንቀፈ፡ ንኣብነት ነፍስወከፍ ሰብ ሓሳቡ ብናጽነት ኪገልጽ ይኽእል። እዚ ትርጉም ሓሳብካ ብናጽነት ምግላጽ ስለ ዝኾነ።

ናጽነት ሃይማኖትን እምነትን’ውን ማዕረ ማዕረኡ ኣገዳሲ እዩ። ነፍስወከፍ ሰብ ኣማናይ ኪኸውንን ዜምልኾ እምነት ኪውስንን ናጽነት ኣለዎ። ኩለን ሃይማኖታት ማዕረ ኾይነን ብሓባር ይነባበራ።

እዚ ናጽነታት ምስ ዚገሃስ እንታይ ይኸሰት ? ቅድመ-ፍርዲ ዚንጸባረቕ ኾነ ዘይፍትሓዊ ኣተሓሕዛ ተገይሩለይ ኢልካ ምስ እትሓስብ ?
እምበኣርከስ፡- መንግስቲ ፡ ፖሊስ ፡ ህዝባውያን ኣኽበርቲ ሕጊ ከምኡ’ውን ኣብያተ-ፍርዲ ጥራይ ነቲ በደላት ክስሲ ኪምስርቱሉን ንገበነኛታት ኪኾንኑን መሰል ኣለዎም፡- ምጥቃም ሓይሊ ብመንግስቲ እተባሕተ ኣገባብ እዩ። ንነፍስኻ ኾነ ንኻልኦት ፍትሒ ክተውጽኣሎም ወይ ምጥቃም ጐነጽ፡ ክልኩል ጥራይ ዘይኮነ የቕጽዕ’ውን እዩ።
ኣብ ጀርመን ሃይማኖትን መንግስትን እተፈላለዩ ብምዃኖም፡ ባዕላቶም ደያኑ እተሰምዩ ሰባት ወይ ሃይማኖተኛታት ዘይኮኑስ፡ መሰል ዘለወን መንግስታውያን ኣብያተ-ፍርዲ ጥራይ እየን።

ፖሊስ፡ ኣኽበርቲ ሕግን ኣብያተ-ፍርድን ኪእመኑ ዚኽእሉ ምዃኖም ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ብልሹዋት ስለ ዘይኮኑ፡ ኣብ ግብሪ ውዒሉ ዘሎ ሕጊ ኼተግብርዎ ይግባእ። ከምኡ ኸኣ እዮም ዚገብሩ።!

እዞም ሕግታት ካበይ ዚመጽኡ እዮም?
ጀርመን ደረት ስልጣን በበይኖም ኣካላት ዚኽበረላን ብሕጊ እትምራሕን ዴሞክራሲያዊት ሃገር እያ። ብኻልእ ኣዘራርባ፡- ዜጋታት ስለ ሕግታት ድምጾም ዚህቡ ኣባላት ፓርላማ ይመርጹ። መንግስትን መዝታትን ነዞም ሕግታት የተግብሩ። ኣብያተ-ፍርዲ ናጻ ኾንሰን፡ ኣብዚ ሕግታት ተመርኩሰን መሰለን ይጥቀማሉ። ሰለስተን ናጻ ጨናፍር ዓያዪ መንግስቲ።.

ሰረቱ ሰብኣዊ ኽብሪ እዩ። ብናጽነትን ብፍጹም ውሕስነትን ብሓባር መታን ክንነብርሲ፡ ኩላትና ብሓባር ብናጽነትን ብፍጹም ውሕስነትን መታን ክንነብር። እምበኣርከስ፡ ንስኻ፡ ንስኺ፡ ንሕና ነዞም መሰረታውያን ክብርታት ምስ እነኽብሮም ጥራይ እዮም ዚዓይዩ፡ ህያው ዚኾኑ።

